

ኩለን ናይ ምኽንሻብ ግዳያት፡ ንህይወተን ምሉእ ስመን ናይ ምሕላው (ምዕቃብ) መሰል ኣለወን። እዚ ማለት ከኣ፡ ዚኾነ ሚድያ ኣስማተን ሓቲሙ ከቃልዐን ኣይክእልን።

*ኢታ ጓል ወይ ሰበይቲ ዋላ ንምኽንሻብ ትሰማማዕ ወይ ሀራይ ትበል - ኣንጻር ሕጊ እዩ።*

**<u>ጠቓሚ ርኽክባትን ደገፍን፡</u>**

*ደገፍ ድሉው ኣሎ። ኩላትና ብሓባር ነዚ ናይ ምኽንሻብ ተግባር ደው ከነብሎ ከኣ ንኽእል ኢና።*

**West Midlands Police** - ኣብ 101 ደውል ወይ ንህጹጽ ረድኤት ኣብ 999 ደውል

**NSPCC FGM** ናጻ ናይ 24-ሰዓት መስመር ሓገዝ - ደገፍ ምስ እትደልዩ ወይ ድማ ብዛዕባ ጸገምኩም ክትዛረቡ እንተደሊኹም 0800 028 3550 fgmhelp@nspcc.org.uk

**FORWARD UK** - www.forwarduk.org.uk

**African Well Women's Clinic** – Birmingham Heartlands ሆስፒታል 07817 534274

**Celestine Celest Community** ማሕበር – www.celestinecelest.org 07517 227911

መርበብ **Allies** – www.allies-network.com 07506 398865

ክንክን ነንስትን ኣዋልድን – sjdibba@yahoo.com 07799 909523

በርሚንግሃምን ሶሊሁልን ሓገዝ ደቀንስትዮ – www.bswaid.org 0808 800 0028

ብሉምስበሪ መዋእለ-ህጻናትን ማእከል ቆልዑን - 0121 464 2034

ናይ ምስልምና ደቀንስትዮ መርበብ - www.mwnuk.co.uk 0121 236 9000

**CRASAC** (ኮቨንትሪ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት) - www.crasac.org.uk 02476 277777

59230

# (ቅድሚት) (ዚ,ቃዶ ስእሊ)

# ምቑራጽ ብልዕቲ ጓለንስተይቲ (ምኽንሻብ)





## ሓበሬታን ሓገዝን

(ው·ሽጢ)

## ምቑራጽ ብልዕቲ ጓለንስተይቲ እንታይ ማለት'ዩ (FGM)?

ምቑራጽ ብል'ዕቲ ጓለንስተይቲ ወይ ድማ ምኽንሻብ፡ ዚኾነ ሕክምናዊ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ዘይብሉ፡ ንገለ ክፍሊ ወይ ብሙሉኡ'ቲ ግዳማዊ ኣካ'ል ናይ ጓለንስተይቲ ብል'ዕቲ ናይ ምቑራጽ ኣገባብ እዩ።

## ምኽንሻብን ሃይማኖትን

- ምኽንሻብ ኣካ'ል ናይ ዚኾነ ሃይማኖት ኣይኮነን
- ዚተፈላለየ ሃይማኖታዊ ድሕረ-ባይታ ዘለወን ኣዋልድ፡ እዚ ተግባር'ዚ ከም ባህሊ ተወሲዱ የሳቕየን
- መጽሓፍ-ቅዱ'ስ ይኹን ቁርኣን፡ ኣዋልድ ክኽንሸባ ኣለወን ኣይብልን
- ገለ ኣህዛብ ምኽንሻብ ኣካ'ል ናይ ሃይምኖት ጌሮም ይኣምኑ - እዚ ግን ሓቅነ'ት የብሉን
- ምኽንሻብ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዓለም፡ እንተላይ ዓዲ እንግሊዝ ይግበር'ዩ

## ብምኽንሻብ ዚመጽእ ሕማማት

- ብርቱዕ ቃንዛን ስንባደን ነውጽን
- ተመላላሲ መርከስቲ ስርዓተ-ሸንትን፡ ሽግር ናይ ምሻንን
- ሽግር ጽገን ፍርያትን
- ስነ-ኣእምሮኣዊ ሽግራት
- ወሲባዊ ሽግር
- ሽግር ኣብ ሕርስን፡ ናይ ኣደን ቆልዓን ህይወት ኣብ ሓደጋ ምእታውን

*እዚ ኩሉ ናይ ጥዕና ሽግራት ብመሰረቱ ኣድላዪ ዘይኮነን ኪውገድ ዚኽእልን እውን እዩ*



## ምኽንሻብን ሕግን

ኩሉ ዓይነት ምኽንሻብ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ካብ 1985 ኣትሒዙ ኢሕጋዊ ኮይኑ እዩ።

ብመሰረት ናይ ምኽንሻብ ሕጊ 2003 ከኣ፡

- ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ምኽንሻብ ብሕጊ ክልኩል እዩ
- ንዚኾነት ጓለንስተይቲ ኣብ ምኽንሻብ ምሕጋዝ ብሕጊ ክልኩል እዩ
- ኣዋልድ ንወጻኢ ወሲድካ ምኽንሻበን፡ በታ ሃገር ሕጋዊ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ብሕጊ ክልኩል እዩ
- ብዚኾነ መንገዲ፡ ምድላው፡ ምሕጋዝ ይኹን ምሕባእ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ተግባራት ሕጋዊ ኣይኮነን

ኣብ ትሕቲ እዚ ሕጊ'ዚ ገበን ምፍጻም (ንጓል ምኽንሻብ) ዚለዓለ ናይ 14 ዓመታት ማእሰርቲ/ወይ መቕጻዕትን ኣለዎ።

**ኣብ ትሕቲ ክፍሊ 75 ናይ ገበናዊ ሕጊ 2015፡ ሕጂ ንጓለንስተይቲ ካብ ምኽንሻብ እንተዘይተኸላኺልካላን እንተዘያድሒንካያን ንባዕሉ ገበን እዩ።**

እዚ ማለት ከኣ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኣ ጓል ኣንጻራ ምኽንሻብ እንተድኣ ተፈጺሙ፡ ኩሎም እቶም ኣብቲ ግዜ ምኽንሻብ ዚነበሩ ሰባት ብሕጊ ተሓተትቲ ይገብሮም።

**እቲ መቕጻዕቲ ክሳብ 7 ዓመታት ማእሰርቲ እዩ።**